Departement Schule und Sport
**Fachstelle Kinderbetreuung im Vorschulalter**
Pionierstrasse 7
8403 Winterthur
Telefon 052 267 68 15 / 267 55 15
kinderbetreuung@win.ch

Stadt Winterthur

ክፍሊ ትምህርትን ስፖርትን

Merkblatt ክፍሊ ምእላይ ህጻናት ቅድሚ ትምህርቲ ዘሎ ዕድመ

**እጃም ክፍሊት ከተማ ኣብ ምእላይ (ምንባይ) ህጻናት**

ውላድኩም ኣብ ሓደ መዋእለ ህጻናት ወይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ስድራቤት (ታገስፋሚሊየ) ይእለይ እንተሎ ሓገዝ ካብ ከተማ ንኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም። ከተማ ምስ መመላእታ ንስድራዊ ምእላይ ህጻን ኣብ ዕድመ ቅድመ-ትምህርቲ ዝርከቡ ይኹኑ ኣብ መዓልታዊ ስድራቤታዊ ናብዮት ዘለዉ ዝምልከት ዝወሃብ ደገፍ ኣብ መምርሒታ መዋእለ ህጻናት ተነጺሩ ይርከብ። ነዚ ዝምልከት https://stadt.winterthur.ch/erlasse Band 4: Dept. Schule und Sport ተመልከቱ።

እዚ ጽሑፍ ምስ ደገፍ ካብ ከተማ ክርከብ ዘከከኣል ሓገዝ ዝተኣሳሰሩ እቶም ኣገደስቲ ሓበሬታታት ዝበሃሉ ጽሙቕ ብዝበለ ሒዙ ይርከብ። ተወሳኺ ሓበሬታታትን መመዝገቢ ፎርምን ኣብ https://stadt.winterthur.ch/kinderbetreuung ተመልከቱ።

**ንእጃም ክፍሊት ወለዲ ዝምልከት መቖመሪ (ንመዓልታዊ ስድራቤታዊ ናብዮት (ታገስፋሚሊየ) ኣየገልግልን ኢዩ)**

ገንዘባዊ ኣበርክቶኹም ክንደይ ከምዝኸውን ንምፍላጥ ብቐጥታ ኣብ መቖመሪ (መሕሰቢ) ብኦን-ላይን ክትረኽብዎ ትኽእሉ። ኮይኑ ግን እቲ ልክዕ ክንዳይ ከምዝኾነ ድሕሪ ምምዝጋብኩም ኢዩ ዝሕበረኩም። መቖመሪ ኣብዚ ዝስዕብ ተመልከቱ:-

https://stadt.winterthur.ch/kinderbetreuung/kosten-und-staedtische-beitraege

እጃምኩም ምስ እቲ ቀረጽ ትኸፍልሉ እቶትኩምን ንብረትኩምን ከምኡ እውን ምስ መዓልታዊ ታሪፍ መውእለ-ህጻናት ኮነ ብሰዓት ዝሕተት ታሪፍ ኣለይቲ ስድራ ኣብ ቪንተርቱር ቫይንላንድ ዝተኣሳሰረ ኢዩ።
**ካብ ከተማ ሓገዝ ንምርካብ ክማልኡ ዘለዎም:-**

- ነበራይ ከተማ ቪንተርቱር ክትኮኑ ይግባእ
- ብሓባር ናይ ዝነብሩ ወለዲ ቀረጽ ዝኽፈሎ እቶት ዝተደመሮ 10% ቀረጽ ዝኽፈሎ ንብረትን ካብ ፍራንክ 105 745 ክበዝሕ የብሉን
- ውላድኩም ኣብ ዝእለየሉ እዋን ኣብ ስራሕ ዓለም ዘለኹም ክከውን ይግባእ
- ወይ ድማ ኣብ ትምህርቲ
- ወይ ብሓገዝ ትነብሩ ኮይንኩም ምእላይ ውላድኩም ስራሕ ንምርካብ ኣብ ትገብርዎ ጻዕሪ ሓጋዚ ምስዝኸውን *
- ወይ ውላድኩም ብኣግኡ ተወሳኺ ምንክብኻብን ማሕበራዊ ውህደት (ኢንተግራስዮን) ከምዘድልዮ ዝፍለጥ እንተኾይኑ
- ወይ ከም ኣላዪ ህጻን ብሕማም ዝተጠቓዕኩም እንተኾይንኩም

*ብዛዕባ እዚ ዝምልከት ነቲ መዋእለ ህጻናት ኮነ ምምሕዳር መዓልታዊ ስድራቤታዊ ናብዮት ቪንተርቱር ቫይንላንድ ብናይ ጽሑፍ መረጋገጺ ክስነ ኣለዎ።
**ምምዝጋብን ምሕታት ሓገዝ ካብ ከተማ ንምንባይ ህጻን ዝምልከት**
ውላድኩም ኣብ መዋእል-ህጻናት ወይ ኣብ ቤትጽሕፈት መዓልታዊ ናብዮት ብስድራቤት ቪንተርቱር ቫይንላንድ ምስ ኣመዝገብኩሞ መመልከቲ ፎርም ንሓገዝ ካብ ከተማ ቪንተርቱር ቫይንላንድ ዝምልከት ትመልኡ። ክታምኩም ኣብቲ ፎርም ኣስፈርኩም ነዚ ፎርም ንመዋእለ-ህጻናት ወይ ቤትጽሕፈት ናብዮት ብስድራቤት ቪንተርቱር ቫይንላንድ ተረክብዎ። እቲ መዋእለ-ህጻናት ይኹን ቤትጽሕፈት ናብዮት ብስድራቤት ነቲ ዝሃብኩሞ ሓበሬታ ኣብ ኮምፒተር ከእትዎ ኢዩ። ብመሰረት ካብ ቤትጽሕፈት ቀረጽን ምክትታል ነበርትን ዝርከብ ሓበሬታ እቶትኩምን ስድራ-ቤታዊ ኩነትኩምን ከተማ ቪንተርቱር -ክፍሊ ምእላይ ህጻናት ኣብ ቅድሚ ትምህርቲ ዕድመ ዝርከቡ እጃምኩምን ካብ ከተማ ክትረኽብዎ ዝግባእ ሓገዝን ይምርምር። መዋእለ ህጻናት ይኹን ቤትጽሕፈት መዓልታዊ ናብዮት ብስድራቤት ቪንተርቱር ቫይንላንድ ሓደ ስምምዕ ንምእላይ ህጻን ዝምልከት ከቕርበልኩም ኢዩ። እዚ ስምምዕ እዚ ብኣኹም ክክፈል ዝግበኦን፡ ሓገዝ ካብ ከተማ ትረኽብዎን ሓላፍነትኩም ኣብ ቅድሚ እቲ ኣላዪ ወይ ነባይ ትካልን ዝምልከት ሓበሬታ ዝሓዘ ኢዩ፡

**ካብ ካልእ ምምሕዳራዊ ከባቢ ወይ ካብ ወጻኢ ሃገር ዝመጽኡ፡ ተፈላልዮም ወይ ዝተፋትሑ ዝምልከት ጉዳይ ቀረጽ**

ውዱእ ዝኾነ ናይ ቀረጽ መረጋገጽ እንተዘይብልኩም፡ ኣብ ቤትጽሕፈት ኣታዊ ግብሪ ግዝያዊ ሕሳብ ናይ ቀረጽ ክግበረልኩም ይኽእል ኢዩ። ግዝያዊ ሕሳብ ኦን-ላይን በዚ ዝስዕብ ክግበር ይከኣል። https://stadt.winterthur.ch/anpassung.

ኣታዊ ግብሪ ክኸፍሉ ዝግደዱ ወለድቲ ዝምልከት ከኣ ከተማ ቪንተርቱር ገምጋማዊ ሕሳብ ይገብረሎም ኢዩ። ነዚ ንምስላጥ ብወገንኩም እዚ ዝስዕብ ሰነዳት ክቐርቡ ይግባእ፡- እዋናዊ መረጋገጺ እቶት ሰነድ ወይ መረጋገጺ ደሞዝ ናይ ኩሎም ኣብ ሓደ ገዛ ብሓባር ናይ ዝነብሩ ኣለይቲ ደቆም ዝኾኑን መረጋገጺ ንብረት (ንኣብነት ናይ ባንክ ወረቐት KONTO AUSZUG) ወይ ናይ ካልእ ምምሕዳራዊ ከባቢ መረጋገጺ ቀረጽ ወይ መረጋገጺ ማሕበራዊ-ረድኤት (SOZIALHILFE)፥ ሓደ ቅዳሕ ዝተመልአ መመልከቲ ፎርም ንሓገዝ ካብ ከተማ ንምእላይ ህጻን ዝምልከት ይግባእ።

**እጃም ክፍሊት ወለዲ ከም ብሓድሽ ምግምጋም**

ኣብ እቶትኩም 20% ንላዕሊ ለውጢ ምስ ዝህልው ንቤትጽሕፈት መዓልታዊ ስድራ ቪንተርቱር ቫይንላንድ ክተፍልጡ ይግባእ። ግዝያዊ ገምጋም ቀረጽ ክግበረልኩም ኢዩ።

ከተማ ቪንተርቱር ብስሩዕ እጃም ክፍሊት ወለዲ ይቆጻጸርን ከም ብሓድሽ ከም ዝግምገምን ይገብር ኢዩ። እቶትኩም 20% ንላዕሊ ለውጢ እንተገይሩ፡ እቲ ክወሃበኩም ዝጸንሐ ተመላሲ ክኸውን ክሓትት ኢዩ። እቶትኩም ምስ ዝጎድል ግን ዝኾነ ዝምለሰኩም ገንዘብ ኣይክህልውን ኢዩ።

ድሕሪ ነፍስ-ወከፍ ሓድሽ ገምጋም ሓድሽ ስምምዕ ንምእላይ ህጻን ዝምልከት ክወሃበኩም ኢዩ።

**ንገለ ሰዓታት ጥራሕ ዝኸይድ ምእላይ ህጻን ወይ ከኣ እቲ ምእላይ ኣብ ግብሪ እንተ ዘይተጠቐምኩሙሉ ንክፍሊት ዝምልከት**

ውላድኩም ንገለ ሰዓታት ጥራሕ ኣብ ትሕቲ ናብዮት ክጸንሕ ይኽእል ኢዩ። ኣብቲ ተቕርብዎ መመልከቲ ፎርም፡ እቲ ምንባይ ንምንታይ ከምዘድለየ ክጥቀስ ኣለዎ። ንምንባይ ዝወጽእ መዓልታዊ ወጻኢታት ካብቲ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰዓት ትረኽብዎ እቶት ንላዕሊ ክኸውን የብሉን።

ውላድኩም እንተ ሓሚሙ ወይ ንስኹም ብስምምዕ ዝጠልበ መሰረት ነቲ ምንባይ እንተ ዘይተጠቀምኩሙሉ፡ ኣብቲ ትኸፍልዎ እጃምኩም ዝግበር ምጉዳል የለን። ኣብ መዕልታዊ ናብዮት ብስድራቤት ዝምልከት ግን ካልእ መምርሒታት ኢዩ ዘሎ። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ካብ ቤትጽሕፈት ናብዮት ብስድራቤት ቪንተርቱ ቫይንላንድ ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል።

**ጉድለት ወይ ጌጋ ሓበሬታ**

ኩሉ ዝወሃብ ሓበሬታ ሓቀኛ ክኸውን ከምዘለዎ ንሕብር። ዝሃብኩሞ ሓበሬታ ዘይሙሉእ ወይ ጌጋ እንተኾይኑ፡ ካብ ከተማን ትረኽብዎ ሓገዝ ዘለኩም መሰል ውዱቕ ይገብሮ። ውላድኩም ሙሉእ ዝጥለብ ተኸፊሉሉ ናብዮት ይረክብ ዲዮ ኣይረክብን፡ መዋእለ-ህጻናት ወይ ቤትጽሕፈት መዓልታዊ ናብዮት ብስድራቤት ቪንተርቱ ቫይንላንድ ውሳነኦም ክህቡ ኢዮም።

ተወሳኺ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም መዋእለ-ህጻናት ይኹን ቤትጽሕፈት መዓልታዊ ናብዮት ብስድራቤት ወይ ከኣ ኣብ እዚ ዝስዕብ ተወከሱ።

**Stadt Winterthrur, Departement Schule und Sport**
**Fachstelle Kinderbetreuung im Vorschulalter**
**Pionierstrasse 7, 8403 Winterthur**
**Telefon 052 267 68 15 / 267 55 15**
**kinderbetreuung@win.ch**
**www.stadt.winterthur.ch/kinderbetreuung**